መቓልሕ ECHO
P. O. BOX 2223
76010 KARLSRUHE
FAX 0049721 151389128
GERMANY

# ዋዕላ ኣምስተርዳም ብጽቡቕ ተዛዚሙ

ካብ ዕለት 10 ክሳብ 11 ናይ ወርሒ ሰነ 2006 ኣብ ትሕቲ “ብዘይ ጽልእን፣ ሌላን ጉሌላን ብሓድሽ መንፈስን ተስፋን ምቅርራብን ብምፍጣር ናይ ደንበ ተቓወምቲ ብዝሓሸን ብሓድሽ ራእይን ሓይሊ ዝረኸበሉ መገድታት ንምድላይ” ዘርእስቱ ቴማ ዝተኻየደ ዋዕላ ካብ ብዙሓት ሃገራት ኤዉሮጳ ማለት ካብ ሃገር እንግሊዝን ጀርመንን፣ ሃገር ጣልያንን ሽወደን ካብ ስግር ባሕሪ ድማ ካብ ኣሜሪካን ካናዳን ተጓዒዞም ብዝመጹ ኤርትራዉያንን ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ደቂ ምብራቕ ኣፍሪቃን ሆላንዳዉያንን ካልኦት ኤዉሮጳዉያንን ዝተሳተፍዎ እዩ ዝነበረ። ኣብ ክልተ መደባት ዝተኸፍለ ኸኣ ነበረ።

ኣብቲ ናይ ዕለት 10 ቀዳማይ መዓልቲ፣ ወከልቲ ገለ ዘይመንግስታዉያን ትካላት ሆላንድን ገለ ልኡኻት ማሕበራት ተወላዶ ሱዳንን ሶማልን ታንዛንያን ደቂ ምብራቕ ኣፍሪቃን ከምእውን ኣባል ሓምላይ ሰልፊ ዝኾነት ተዉካሊት ኣብ ፓርላማ ኤዉሮጳ ዝኾና ወይዘሮ ጵጌረዳ ዋለልኝ ከምኡዉን ናይ ታሪኽ ፕሮፈሶር ዶክቶር ተኸስተ ነጋሽን ናይ ኣፍሪቃን ርሑቕ ምስራቕ መጽናዕቲ ቤት ትምህርቲ ኣባል ዝኾኑ ኣቶ ብርሃነ ወልደገብርኤልን ዘለዉዎም ኣርባዕተ ዝኾኑ ምሁራት ኤርትራዉያንን ብቀንዱ ከኣ ዲረክቶር ናይ ኣፍሪቃዊ መጽናዕቲ ኣብ ናይ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ነበረ።

ተሳታፊ ዋዕላ፣ ኣብ ኩሉቲ ዝቐረበ መጽናዕትታት ሕቶታትን ርእይቶታን ብምቕራብ ውዕውዕ ተሳታፍነት ኣርእዩ እኳ እንተነበረ፣ ኣዝዩ ኣትኩሩሉ ዝነበረ ግን ኣብቲ ብ ዲረክቶር ናይ ኣፍሪቃዊ መጽናዕቲ ኣብ ናይ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝቐረበ ንኤርትራ ዝምልከት ፖሊሲ መንግስቲ ሆላንድ ነበረ። ሕቶታትን ለበዋታትን ብምቕራብ ከኣ ስምዒ ታቱን ምረቱን ኣስምዐ። ነቲ ኣብዚ እዋንዚ መንግስቲ ሆላንድ ምስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዘለዋ ናይ ምትሕግጋዝ ፖሊሲ ክትቅይርን፣ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንደሞክራስያዊ ለዉጢ ኣበርክቶ ዝህብ ጸቕጥታት ከዘዉትርን፣ ንጉዳይ ስደተኛታት መንእሰይ ኤርትራዉያን ኣድህቦ ብምሃብ ኣብ ዘዝርከቡዎ ሃገራት ንናብራ ህይወቶምን ትምህርታዊ ደረጃታቶምን ንኸመሓይሹ ዝረድእ መደባት ክዝዉተር ክትፍትንን፣ ነቲ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቃለስ ዘሎ ሽነኽ ድማ እንተዉሐደ ሞራላዊ ደገፍ ክትህብ ብዝተፈላለዩ ተሳተፍቲ ኣቢሉ ሓፈሻዊ ለበዋኡ ኣቕረበ።

ብሓጺሩ ንመንግስቲ ሆላንድ ኣብ ዝምልከት ዝነበረ ምስ ዲረክቶር ናይ ኣፍሪቃዊ መጽናዕ ቲ ኣብ ናይ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝተኻየደ ክትዕ ዋና ቅዉምነገር እቲ ዓለም ለኻዊ ዋዕላቲ ኮይኑ ምቕጻሉ ርኡይ ነበረ።

ብፍላይ ንሕቶ ደቀንስትዮን መንእሰያትን ብሓፈሻ ድማ ንምብርታዕ ሲቪላዊ ማሕበራትን ንምድልዳል ደምበ ተቓዉሞን፣ ከምዚ ናይ ሎሚ ርክብ እናካየደ ንዘይመንግስታዊ ማሕበራትን ትካላት መንግስትን ምስ ደምበ ተቓዉሞ ናይ መራኸቢ ድልድል ንምምስራት ክከኣልን፣ ንዕኡ ግብራዊ ንክኸውን ንምርግጋጽ ተባሂሉ ኵላተን ኣብቲ ኮንፈረንስ ተዓ ዲመን ዝነበራ ኣፍሪቃዉያንን ሆላንዳዉያንን ማሕበራት ምስ ሓዲስ ተስፋ ግሩፕ ብሓደ ኮይነን ተክኒካዊ ኮሚቴ ንደሞክራስን ምዕብልናን ኤርትራ (Technical comitte for

መቓልሕ ECHO
P. O. BOX 2223
76010 KARLSRUHE
FAX 0049721 151389128
GERMANY

Democrasy und devolpment of Eritrea) ዝብል ትካል ክቐዉም ኣብቲ ኣኼባ ከም ሓሳብ ቀሪቡን ብዝምልከቶም ኣካላት ወኪል ማሕበር ደቀንስትዮ ዳርፉር ወኪል ማሕበር ምሁራን ሶማል ወኪል ማሕበር ታንዛንያውን ተደጊፉ ከም ዝተረኽበ ኣዳላዊ መቓልሕ ተገንዚቡ።

ወጻእታኛታት ኣጋይሽ ተፋንዮም ኣብቲ ካልኣይ ክፍልቲ ዋዕላቲ ምስ ተበጽሐ፡ እቲ ዝነበረ ተሳታፊ፡ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለታት ሰይሙ፡ ብዝተፈላለየ ነጥብታት ተኻቲዑ ንናይ ሰንበት ኣኼባኡ ዘድሊ ጽማቀ ሓሳባት ከምጽእ ምእንቲ ኣብቲ ንዓኡ ንምክያድ ተባሂሉ ብሕዲስ ተስፉ ግሩፕ ዝተዳለወ ኣዳራሽ ተጓዕዘ። ኣብ መንጎ ሲቪል ማሕበራትን ፖለቲካዊ ወድባትን ክህሉ ዘለዎ ዝምድናን ብሓባር ንዘካይዶ ስርሓትን ከመይ ዝበለ ኪኸውን ኣለዎ፡ ኤደኪ ንምሕያልን ካልኦት ሓይልታት ክጽንበርኦን ምስተን ኣብኣ ዘይተጸንበራ ድማ ከመይ ዝበለ ዝምድና ክህሉ ይሓይሽ ኣብ ዝብል ዓበይቲ ኣርእስታት ዝተመርኰሰ ክልተ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለታት ቆይመን ንጽብሒቱ ድማ መጽናዕተን ናብ ኣኼባ ኣቕረባ።
እቲ ዋዕላ ብሓፈሻኡ ነቲ 16 ውድባት ዝሐቖፈ ግንባር፡ ንብዙሕ ዝንባሌታትን ረብሓ ዝተፈላልዩ ኣህዛብን ናእሽቱ ሕብረተሰባዊ ጉጅለታትን፡ "… ..ወዘተ ዘረጋገጸ ብምዃኑ ምስ ኩሉ እቲ ሓያልን ድኹምን ጎድንታቱ ነቔፈታዊ ደገፍ ኪወሃቦ ዝግባእ ምዃኑ ተሳታፊ ዋዕ ላ ኪረደድኣሉ እንከሎ፡ እቲ ኣብ መንጎ ደምበ ተቓውሞ ብኢንተርነትን መጽሔታትን ረድዮ ማዕከናትን .. .. ዝካየድ ጸለም ጠጠው ኪብልን ኩሉ ዓቅምታት ድማ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግድፍ ኪቐንዕን ለበዋኡ ኣቕሪቡ። ነተን ምስቲ ድሮ ዘሎ ሰፊሕ ግንባርቲ ክጽንበራ ዘይደልያ ውድባት ከኣ ከምቲ ድልየተን ተጠርኒፈን ምስ ኤደኪ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ናይ ሓባር ስርሓት ከካይዳ ተላበወ። ኤደኪ ምስ ሲቪላውያን ማሕበራት ብምትሕብባር ኣብ ናይ ሓባር ስርሓት ከካይድን ንሳተን ካብ ዘልውኦ ሓይለን ክወጻ ድማ ክእለቱ ከበርክተለንን ተላብዩ።

ምስቲ ኣብ ድሮኡ ኣብ ኢንተርነትን ናይ ወረ ማዕከናትን ዝናፈስ ዝነበረ እሉታዊ ከባቢ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዝነበሮ ኵነት ንዝተዓዘበ፡ ኣፈጻጽማቲ ዋዕላቲ ማንም ዘይተጸበዮ ኣዝዩ ብሉጽን ልዙብን ብዝኾነ ኣገባብ ክድምደም እዩ ኢሉ ዝተጸበዮ ዝነበረ ኣይመስልን። ኣብ ምምዕባል ኣወንታዊ ባህላዊ ጐንና ዓብይ ስጉምቲ ንቕድሚት ተሰጋጊርና ምህላውና ኣመልኪቱ ኢዩ።
ኣብ መደምደምታ በብዓይነቱ ለበዋታትን ነቐፈታትን እኳ እንተነበረ ሓደ ካብቲ ምሳና ኣብ ምፍልላጥ ይኹን ትምህርቲ ኣብ ምቕሳም ዝሕግዞና ከምዚ ዓይነት ዋዕላታት ብምክያድ ስለ ዝኾነ ዝደጋገሙሉ ኣገባብ ክህሉ ለበዋ ብምቅርብን ንኣዳልውትን ንተሳተፍትን ሓፈሻዊ ምስጋና ብምሃብ ሰንበት ዕለት 11 ሰዓት 20.00 ዋዕላ ብሰላምን ብጽቡቅ ሃዋህውን ተዛዘመ። ውጽኢቱ መሃሪ ኰይኑ ናብቲ ናይ ቀደም ኣሉታዊ ሃዋህው ከይተመልሰ ክተርፍ ከኣ ተስፍ እገብር።

ዋና ኣዳላዊ መጽሔት መቓልሕ
ኢዮብ መዓሾ

መቓልሕ ECHO
P. O. BOX 2223
76010 KARLSRUHE
FAX 0049721 151389128
GERMANY